# ኩነታት ቤተክርስትያና፤ ኣብ ህዝቢ ኣኸቲልዎ ዘሎ ፍልልያትን መፍትሒኡን

**ዲያቆን ብርሃነ ስዩም**

**ሓምለ 2013**

**ደብረብርሃን ቅድስት ስላሴ**

**ሲያትል**

# ስደትን ሰማእትነት ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ቤ/ክ ብደም ክርስቶስ ምስተመስረተት ብደም ደቃ ኸኣ ተሃኒጻን ተዓቂባን ትነብር ኣላ።

- ፈተናን ሽግርን ኣብ ታሪኽ ቤ/ክ ሓድሽ ኣይኮነን እቲ ባርያ ካብ ጎይትኡ ኣይበልጽን

ዮሃ 15፡20

# ስደትን ሰማእትነትን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ከም በጊዕ ናብ ማእከል ተኹላታት እሰደኩም ኣለኹ። ደጊም ጠቢባን ከም ተመን የዋሃን ከም ርግቢ ኹኑ።
    - ክሳዕ መጨርስታ ዝዕገስ ንሱ ክዕወት እዩ።

ማቴ 10፡16-25

# ስደትን ሰማእትነትን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን

- ካብ ክርስቶስ ዝጀመረ ሕጂ ዘሎ ንመጻኢ ክሳብ ምጽኣት ጎይታ ዝቕጽል
- እተን ናይ መጀመርያ ክልተ ዓበይቲ ግዜ ስደትን ፈተናን
  - ብዘበን ሃዋርያት
  - ብግዜ ግዝኣት ሮም

# ብዘበን ሃዋርያት ዝነበረ ፈተናን ስደትን

- ስቕለት ክርስቶስ
- ውግረት እስጢፋኖስ ብእምኒ
- ስደት ክርስትያናት ብሳኦል
- ማእሰርትን ስደትን ሃዋርያት
  - ብጀካ ዮሃንስ ሃዋርያ ኩሎም ብሰማእትነት ካብዛ ዓለም ከምተፈልዩ ይንገር

# መመኽነይታ ስደት

- ንቄሳር ዘይምምላኽ
  - ኣምላኽነት ቄሳር ንግዝኣትን ርግኣትን ሮም ኣድላይ ነበረ
  - ኣብ ኩሉ ምምሕዳራት ቤተ መቕደስ ቄሳር ተመስረተ
  - ኹሉ ሰብ <u>“እወ ቄሳር ኣምላኽ እዩ</u>” ብምባል ኣብቲ መሰውኢ ዕጣን ንኽትክኽ ኣዋጅ ወጸ
  - እዚ ዝገበረ ፍሉይ ምስክር ወረቐት ተዋህቦ
  - ድሕርዚ ድላዩ ከምልኽ ይኽእል

# ንቄሳር ዘይምምላኽ

- እዚ ንኽርስትያናት ዓቢ ፈተናን ሰማእትነትን ኣስዓበ
- ክርስትያናት ምእንቲ ቄሳር ደኣ ይልምኑ እምበር ናብ ቄሳር ጸሎት ከቕርቡ ኣይከኣልን
- ብArcheology ብዙሕ ንኣምላኽ ጥራይ ዝወሃብ ውዳሴን ምስጋናን ንቄሳር ይወሃብ ከም ዝነበረ ተረጋጊጹ ኣሎ

# ስደትን ሰማእትነትን ዘምጽኡ መራሕቲ ሮም

- ኣብ ውሽጢ 250 ዓመት 10 መራሕቲ ሮም እቲ ዝከፍኤ መከራን ስማእትነትን ኣብ ርእሲ ክርስትያናት ኣምጽኡ
- ጀማሪ ኔሮ
- ኣብ ግዜ ንጉስ ቖስጦንጢኖስ ከኣ ኣብቖዔ
- ኣብ 10ይ ዓመት ንግስነት ኔሮ ጳውሎስን ጴጥሮስን ሰማእትነት ብ61 ዓ.ም ተቐበሉ

# ኣቀታትላ ክርስትያናት

- ብዝጠመዩ ኣራዊት ከም ዝብልዑ ገበሩ። ነዚ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ዝተኣከብሉ ቦታ ብምኽያድ ከም መዘናግዒ ይጥቀምሉ ነበሩ
- ብቖርበት እንስሳ ሸፊኖም ንዝጠምዩ ኣኻልብ ይህብዎም ነበሩ
- ንክርስትያናት ብሂወቶም ከለዉ ኣብ ዝተተኸለ ሓጺን ኣሲሮም ብምንዳድ ከም ሽግ ምሸት ንመብራሂቲ ይጥቀሙሎም ነብሩ

# ሳልሳይ ጉባኤ ኤፌሶን

- ብዘመን ቴዎዶስዮስ ኣብ ብዓለ ጴንጤቆስጤ ኣብ እንዳ ማርያም ቤ/ክ ብ431 ዓ.ም ኣብ ኤፌሶን ተገብረ
- ምኽንያት እቲ ጉባኤ
  - ናይ ቍስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳስ ዝነበረ ናይ ንስጥሮስ ክሕደት



ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ቅዳሕ ናይ ጉባኤ ኤፌሶን

www.tewahdo.org

# ክሕደት ንስጥሮስ

- ንስጥሮስ ምስ 16 ጳጳሳት ብወተሃደራት ተዓጂቡ እዩ ኣብቲ ጉባኤ ተሳቲፉ
- ንስጥሮስ ምስ ንጉስ ቴዎዶስዮስ ጥቡቕ ርክብ ነበሮ
- ንስጥሮስ ድምጹ ጥዑም ፍሉይ ክእለት ዘረባ ነበሮ

# ክሕደት ንስጥሮስ

- “እግዚኣብሔር ወልድ ናብዚ ዓለም መጺኡ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከይተወልደ ኸሎ፡ ወዲ እግዚኣብሔር ኣብ ስለ ዝኾነ ምስ ኣቡኡ ማዕረ እዩ። ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ምስ ተወልደ ግና ኣካሉ ክልተ እዩ። እቲ ሓደ ወዲ እግዚኣብሔር፡ እቲ ሓደ ወዲ ማርያም እዩ። ኣምላኽ ካብ ሰብ ክውለድ ስለ ዘይከኣል፡ **ቅድስቲ ድንግል ማርያም ወላዲት ሰብ ደኣ እምበር ወላዲት ኣምላኽ ኣይኮነትን**”

# ክሕደት ንስጥሮስ

- ካብ ማርያም ዝተወልደ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ኢሉ ይኣምን
- “ሶብ ተራከበ ወልደ እግዚኣብሔር ለወልደ ማርያም በዮርዳኖስ ረሰዮ ኣምላከ በጸጋ”።
- መልኮት ድሕሪ ጥምቀት እዩ ተውሂድዎ
- ማይ ብቡምባ ከም ዝሓልፍ፡ ቃል ድማ ብማህጸን ማርያም ሓለፈ፡ ስለዚ ማርያም ወላዲት ሰብ ደኣ እምበር ወላዲት ኣምላኽ ኣይትበሃልን”

# ክሕደት ንስጥሮስ

- ነዚ ናይ ንስጥሮስ ክሕደት ካብ ፈለማ ዝተቃወሞ ቅዱስ ቄርሎስ ናይ እስክንድርያ ፓትርያርክ ዝነበረ እዩ
- ንስጥሮስ ካብ ጌግኡ ክምለስ ብዙሕ ተለሚኑ ግን ብትዕቢት ተመሊሱ ክምለስ ፍቓደኛ ኣይነበረን

# ውጽኢት ጉባኤ ኤፌሶን

- ንንስጥሮስ ኣወጊዞም ካብ ቤ/ክ ፈሊይዎ
- ክርስቶስ ምስ ኣብን ምስ መንፈስ ቅዱስን ማዕረ ምዃኑን፡ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከኣ ወላዲት ኣምላኽ ምዃናን ኣረጋገጹ።
- "ድንግል ማርያም ንኣምላኽ ብስጋ ስለ ዝወለደቶ ብኣማን ወላዲተ ኣምላኽ እያ"








እግዚኣብሔር ኣፍ ኣንበሳ ዓጸወ





ክርስትያናት ብሓዊ ክንዱ ከለዉ

www.tewahdo.org


www.tewahdo.org






















www.tewahdo.org

# ጓሳ ኣልቦ ኣባጊዕ

- ሕዝ ምዕራፍ 34:1- 17
- እተን ኣባጊዕ ጓሳ ስለ ዘይነበረን ፋሕ በላ፣ ንኹሎም ኣራዊት መሮር ከኣ ብልዒ ኾና
- ኣብ ኵሉ ዝባን ምድሪ ፋሓ በላ፣ ግደን ዚገብርን ዚደልየንን ከኣ የልቦን
- ጓሶተይ ግዲ ኣባጊዔይ ኣይገበሩን፣
- እኔኹ ኣነ ባዕለይ ነተን ኣባጊዔይ ክኣልየንን ክደልየንን እየ።
- ኣነ ባዕለይ ነባጊዔይ ክጠፍረን ባዕለይ ድማ ክስፍረን እየ፣ ይብል እግዚ ኣብሄር ኣምላኽ

# ዝጸገባ ኣባጊዕ

- ሕዝ 34: 17-31
- ነቲ ካብ መውዓሊኹም ዝተረፈ በእጋርኩም እትረግጽዎስ፣ ኣብቲ ልሙዕ ሸኻ ምውዓልዶ ውሒድኩም እዩ፡ ነቲ ዝተረፈ ማይ ምስታይዶ ውሒድኩም እዩ፡
- ኣነ ምሳታተን ኪዳን ሰላም ክኣቱ፣ ንኽፉኣት ኣራዊት ካብ ሃገር ከጥፍኦም እየ። ንሳተን ከኣ ኣብ በረኻ ህዱኤን ኪነብራ፣ ኣብ ዱርውን ኪድቅሳ እየን።
- ኣቱም ኣባጊዔይ፣ ንስኻትኩም ሰብ ኢኹም፣